BBC LEARNING ENGLISH

# How do I...

## How do I talk about someone’s personality?

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፣ እንቋዕ ናብ መደብ How do I… ብድሓን መጻእኩም። ኣነ ተኸልማርያም በኪት ኢየ፤ ምሳና’ውን ፊል ኣሎ።

**Phil**
Hello, everybody. Welcome!

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብዚ ክፋል እዚ፡ ዝተፈላለየ ኣገላልጻ ባህርያት ደቂ ሰባት ክንምሃር ኢና። በዞም ብዛዕባ ባህርያት ሰባት  ዝገልጹ ዘሎዉ ንጀምር። ነዞም ባህርያት ኣባላት ስድራ ቤቶም ዝገልጹ ዘሎዉ ንስማዕ።

*What's your brother like?*
*He’s so friendly, but he’s a little lazy.*

*What’s your mother like?*
*She’s funny, but a little shy.*

*What’s your father like?*
*He’s too serious and so quiet.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እንታይ ይመስለኩም? ብዙሕ ባህርያት ሰብ ዝገልጹ ቃላት ኣለዉ። መጀመርታ ክንፈልጦ ዘሎና፡ ነፍስ ወከፍ ዝርርብ ‘what is he or she like?’ ብዝብል ሕቶ ይጅምር። ‘is like’ ዝብል ቃል ባህርያት ደቂ ሰባት ንምግላጽ ንጥቀመሉ። ንፊል ብምስማዕ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት ንለማመድ።

**Phil**
Listen carefully to the pronunciation of ‘what’s’. Listen and repeat.
*What’s he like?*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ እቲ ቀዳማይ ሰብ፡ ብከመይ ከም እተገልጸ ትዝክሩዶ? ደጊምና ንስማዕ።

*He’s so friendly, but he’s a little lazy.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ባህርያት ናይቲ ሰብኣይ ንምግላጽ ክልተ ቃላት ኣብ ጥቕሚ ውዒለን። ቀዳመይቲ ዝሰማዕናያ ቃል ሕዉስ ‘friendly’ ትብል እያ። ቅድሚ ‘friendly’ ዝነበረት ቃል ሰሚዕኩማ’ዶ? እወ ‘so’ እያ ነራ። እዛ ቃል እዚኣ ንገለ ክፋል ባህርያት ናይ ሰብ ከነጉልሕ ምስ እንደሊ ንጥቀመላ። እታ ካልኣይቲ ገላጺት ቃል እንታይ እያ ነይራ?


© British Broadcasting Corporation 2018

**Phil**
It was 'lazy'. Did you hear the word in front of this word?

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እታ ካልኣይቲ ገላጺት ቃል ከኣ 'a little' እያ። እዛ ቃል እዚኣ ብዛዕባ ሓደ ሰብ ኣሉታዊ መግለጺ ንምሃብ ትጠቕመና።

**Phil**
That's right, so we can say 'a little lazy' and 'a little silly'. Let's practise saying that whole sentence. Listen and repeat.
*He's so friendly, but he's a little lazy.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ እዚ ዝሰዕብ  ዝርርብ ብሓደ ዓይነት ሕቶ ይጅምር። ንከታተል።

*What's your mother like?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ እታ ሰበይቲ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝተገልጸት ንስማዕ።

*She's funny, but a little shy.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብዚ ክልተ ቃላት 'funny' ከምኡ'ውን 'shy' ኣለዋ። እዘን ቃላት እዚኣተን ኣሉታዉን ኣዎንታዉን ባህርያት ብሓደ ክንገልጽ ምስ እንደሊ ንጥቀመለን።

**Phil**
Yes, so I could say that you are a little lazy, but so friendly.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
የቐንየለይ. . . ከም ዝመስለኒ።

**Phil**
Let's practise saying whole sentence. Repeat after me.
*She's funny, but a little shy.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ ናይ መወዳእታ ዝርርብ ሓደ ዓይነት ሕቶ ሓቲታ። መልሲ ኣብዚ ኣሎኩም።

*He's too serious and so quiet.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
'Too' ዝብል ቃል፡ ሓደ ነገር ዝዛየደ ወይ ዝበዝሐ ምዃኑ ንምሕባር ንጥቀመሉ። ስለዚ ኣሉታዊ ባህርያት ንምግላጽ ይጠቕመና።

**Phil**
So, I can say somebody is 'too loud', or 'too old'.


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ መወዳእታ 'too serious' ከምኡ'ውን 'so quiet' ዝብላ ቃላት ኣለዋና። ክልቲአን ኣሉታዊ ባህርያት ንምግላጽ ይሕግዛና። 'and' ብምጥቃም ድማ ከነተኣሳስረን ንኽእል።

**Phil**
That's right. So we can say somebody is 'too quiet and a little lazy'.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ ሎሚ ከመይ ጌርኩም ብዛዕባ ባህርያት ደቂ ሰባት ከምትዛረቡ ተማሂርኩም ኣለኹም። ተሪፉ ዘሎ ልምምድ ምግባር እዩ። ሓደ ሰብ ሓውኹም እንታይ ከም ዝመስል ከም ዝሓተተኩም ጌርኩም ሕሰቡ። ንከታተል።

*What's your brother like?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሓውኹም ብሩኽን ጥዑምን ምዃኑን ንኻልእ ሰብ ንገሩ። መልስታትኩም ምስ ናይ ፊል ኣወዳድርዎ።

**Phil**
He's friendly.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ተመሳሳሊ'ዶ ኢልኩም? ካልእ ከኣ ንፈትን፡ ሓውኹም መስሓቕ ምዃኑ ንገሩ።

**Phil**
He's funny.

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
መልስኹም ከም ናይ ፊል እንተኾይኑ፡ እንቋዕ ሓጎሰኩም። ግዜና ኣብ ምእኻሉ ስለዝኾነ ከንፋነወኩም። እንተኾነ ግን 'too', 'so', 'a little' ዝብላ ቃላት እንዳ ተጠቕምኩም ልምምድ ቀጽሉ።

**Phil**
Good idea! Goodbye everyone!

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Goodbye!


© British Broadcasting Corporation 2018